# መሰል፣ ብዘይ ህዝባዊ ተሳትፎ ባዶ ቃል እያ

<u>ኣብ ኤርትራ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንህዝቢ ምስታፍ ነፊጉ፣ ህዝቢ ድማ ንተሳትፍኡን ጸዋዒት ሰላም ውድባት ነፊጉ።</u>
<u>ግን ህዝቢ ድሌቱን መሰሉን ኣብ ምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ጸዋዒት ብተሳትፍኡ ከሰንዮ ዘለዎ መስርሕ ቃልሲ ምርጫ የብሉን።</u>

<u>ሕቶ ሰብኣዊ ክብርታትን መሰል ካብ'ቲ ቀንደን ኣገዳስን ልዑል ተሳታፍነትን ሰዕብትን ዘድልዮ ህዝባዊ ሃገራዊ ውራይ እዩ። ባዶ ቃል ኮይኑ ከይተርፍ ከኣ ህዝቢ ግዱድ'ዩ።</u>

ኣብ እዛ ንነብረላ ዓለም ካብ ጥንቲ፣ ካብ ሓንቲ ስድራ ቤት ጀሚሩ ክሳብ እዚ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ መለልይ ኣህዛብ፣ ብደረጃ ሃገር ዝፍለጥ ቆይሙ ዘሎ ብሄራዊ መንነትን፣ ሕብረት መንግስታትን ብዘይተሳትፎ ፈጺሙ ክረጋገጽ ኣይምተኻእለን።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘካየዶ ናይ 30 ዓመት ብረታዊ ተጋድሎ ብዘይካ ተሳትፎ ህዝቢ ነቲ ዝተለሞ ዕላማ ክበጽሖ ኣይምተኻእለን። ህዝቢ ማእከል ናይ ዝኾነ ሃገራዊ ውጥን ማእከል እዩ።

ሃገራዊ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ ንጥፈታት ብዘይካ ተሳትፎ ህዝቢ ሓንቲ ስጉምቲ ዕ ብየትን ምዕባለን ከም ዘየምጽእ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ተመክሮ ተራእዩ። ብመሰረቱ ሃገራዊ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ ሓዘል ጉዳያት፣ ሓሳባት፣ ኣረኣእያታት ክበገስ እንከሎ ኩሉ ግዜ ዝተጠርነፈ ህዝቢ ይሃሉ ኣይሃሉ ተሳትፎ ህዝቢ ዝሓትትን መሰረቱ ከኣ ህዝቢ'ዩ።

ይኹን'ምበር ብሽም ህዝብን ሃገርን ንዝተላዕለ ፖለቲካዊ ማሕበራዊ ጉዳያት ብቀጥታ ህዝባዊ'ዩ'ውን ክበሃል ኣይክእልን። መሰረት ኣበጋግሳ ጉዳያት ብህዝቢ ክሳብ ዘይንቐለን ዘይተበገሰን ወይ ንሰፊሕ ተሳትፎ ህዝቢ ዝዕድም ክሳብ ዘይኰነ።

ስለምንታይ ብሽም ህዝብን ሃገርን ዝዝረብን ዝለዓል ጉዳያት ህዝባዊ ወይ ሃገራዊ ዘይኮነ ዝብል ሕቶታት ክቀርቡ ይኽእሉ ይኾኑ። ግን እቲ ሕቶ ብስያመ ህዝቢ ወይ ሃገር ጥራሕ ዝውዳእ ኣይኮነን። ህዝባዊ ተባሂሉ ካብ ዝተሰየመ ብዝሒ እኩብ ህዝቢ ተቆጺሩን፣ ተፈቒዱን ወይ ኣካላዊ ተሳትፎ ዘይኮነስ፣ ፖለቲካዊ ሓሳባት ርእይቶ፣ ክእለትን ዓቕምን፣ ድምጽን ኣረዳድኣ፣ መርገጽን ዝምባለታት ህዝቢ ምስ ዝቁጸርን ነዚ ዘረጋግጽ መሰል ምስ ዝፍቐድን ብሕጊ መንግስቲ ውሕስነት ምስ ዝህልዎ ይኸውን።

ዕድመ ንምልካዊ ስርዓታት፣ ስልጣንን መዝነትን ካብ ኢዶም ከይወጸ፣ ኣብ ኢድ ውሑዳት ኮይኑ ንኽቅጽል፣ ህዝቢ ከም መጋበርያ ናይ'ቲ ዝውስንዎን ጸኒሖም ዘጽድቕዎ ሃገራዊ መርሓ ፖለቲካ ንምግባር ኩሉ ግዜ ሃገርን ህዝብን ኣብ ኣጀንዳታቶም ቀዳማይ'ዩ ዝስራዕ።

ምልካዊ ስርዕታት ብባህርያቶም፣ ካብ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ብምህዳም ልዕሊ'ቲ ድሌት ህዝቢ፣ ልዕሊ'ቲ ህሉው መነባብሮ ዝጠልቦ ፍታሕን ለውጥን፣ ዝበለጸ ለውጢ ንምምጻእ ህዝቢ ንምድንጋር ክሳብ ኣብ ስልጣኖም ደልዲሎም ዝሕዙ ንስለ ዝጭርሑ፣ ህዝቢ ብእምንቶ ይስዕብ።

ምልካውያን ስርዕታት ምስ ህዝቢ ዝእተዉዎ ዕለተ መብጽዓታት ከይተኣታቶን፣ ህዝቢ ከይሓተቶምን ምስ ግዜ ብምቅድዳም፣ ህዝቢ ጥቕኦም ንኽይቐርብ ንምዕጋት ኂና ንምግባር፣ ሓያል መሓውር ትካል ጸጥታ፣ ፖሊስን ስለላ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ይፍንዉ። እቲ መሻኺ ስርዓት ኣብ ስልጣን ክመጽእ እንከሎ ዝጭርሖ ዝነበረ ጭርሖታት፣ ብህዝቢ ክጭራሕ እንተጀመረ፣ ሕጂ ግዜኡ ኣይኣከለን፣ ጽንሑ እንዳበለ በቲ ሓያል ናይ ስለላን ጸጥታን ትካላቱ ነቲ ባዕሉ ዘበገሶ

ጭርሖን፣ ተሳትፎ ህዝቢ ዝሓተተሉን ጉዳይ፣ ህዝቢ ክጭፍጭፍ ይጅምር። እዚ ማለት ከኣ ርእሾኻ ኣድኒንካ ኺድ፣ ኣይትሕተት፣ ዝተባህለካ ፈጽም ጽብል ንጹር ባህርያት ምልካዊ ስርዓት'ዩ።

ምልካውያን ስርዓታት ኣይስርሑን'ዮም ከይበሃሉ ከኣ፣ ብተምሳል ሃገርን ህዝብን ግን ከኣ ዓብይ ቁጠባዊ ስልዒት ብዝተመደበሉ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ኣቢሎም፣ ብስም ሃገር ስልጠና ስለላን ጸጥታ ፖሊስን ይውድቡን ይሰርሑን።

ሕሜታ ህዝቢ ብሓይሊ ንምዕባስን ንምዕባጥን፣ ኣብ ገገለ ንህዝባዊ ኣገልግሎት ተባሂሉ ወፍሪ ምስ ዝካየድ በቶም ወታሃደራት ወይ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ መደብ ዘለዉ ሰራዊት፣ እቲ ዝርካቡ ስቪላዊ ስርሓት ብኣቶም ከም ዝዕመም ብምግባር ብሙሉኡ መኽሰብ ንመንግስቲ ኣታዊ ይኸውን።

እዚ ኣታዊ ድማ መዕበዪ ስለላን ጸጥታን ኮይኑ፣ ንህዝቢ ይሕሉ ኣሎኹ እንዳበለ፣ ህዝቢ ዘጥፍእን ዘጽንትን ይኸውን።

ህዝቢ ኤርትራ ዝሓልፎ ዘሎ ኩነታት ካብ'ዚ ፈሊኻ ትርእዮን ትገልጾን ትመዝኖን ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ብሓሳቡን ርእይትኡን ኣብ ዘይትሳተፎ ውሳኔታት ይመሓደር ካብ ሃለወ፣ ድሌቱ ካብ ዘይገለጽን ብሓይሊ ተመሊኹ ይኸይድ ከም ዘሎ'ዩ ዘመልክት።

ምልክት፣ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ህዝቢ ብውሳኔኡ ይመሃደር ዘይምህላዉ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ወግሐ ጸብሐ ናብ ዘይተፈልጠ ቤት ማእሰርትታ ዝኳተት፣ ዝቕተልን ዝስደድን ዘሎ ወዲ ሃገር ካልእ እቲ ዝለዓለ መገለጽን መረጋገጽን እዩ።

ህዝቢ ኣንጻር ድሌቱን፣ ኣንጻር ማሕበራዊ ፍትሕን፣ ኣንጻር ማሕበራዊ ዕባየት ናብራን ንመለኽቲ ስርዓታት ክኸፍሎ ዝጸንሐን ዘሎ ክቡር ዋጋታት ብምንጽሩ፣ ኣብ ድሌቱ ንምዕዋትን፣ ክብሪ ሰባዊ መሰሉ ንምዕቓብ ህሉው ኩነታት ንረብሑን ንረብሓ ሃገርን ንምልዋጥ ኣብ'ዚ እዋን ተሳትፍኡ ምስ ደንበ ደሞክራሲያውን እጅገ ሰብሲቡ ተሳትፎ ከርኢ ግዱድ እዩ።

እዚ ታሪኻዊ ሓላፍነት ሃገርን ህዝብን፣ ምስ ምድላይን ዘይምድላይ ዘይኮነ ግድነታዊ መሰረታዊ መሰል ናይ'ቶም ብሰላም ክነብሩ ዝደሊዩ ደቂ ሃገር እዩ።

ግዴታ ድሕነት ህዝብን ሃገርን፣ ግዴታ ድሕነት ሰብኣዊ መሰልን፣ ነጻነትን፣ ሓርነትን ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ መስርሕ፣ ሓላፍነት ተራ ኤርትራዊ ዜጋ እዩ።ፖለቲካውያን ውድባት ንዝሓትኦ ዘለዎ መሰልን ሰብኣዊ ክብሪ፣ ጠለብ ምቋም ደሞክራሲያ መንግስቲ ሕጋዊ መስርሕ እዩ።

ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ መስርሕ፣ ንምስረታ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ኤርትራ፣ ንሰፊሕ ህዝባዊ ተሳትፎ ንክብሪ ሰብኣዊ መሰል ዝጣበቕ ሓይሊ መደቡ፣ ፖለቲካዊ ዕላማታቱ ዘርጊሑ ንህዝቢ ዕድመታቱ ኣቕሪቡ እዩ። የቕርብን ኣሎ።

ህዝቢ ድማ ነዚ ታሪኻዊ ዕድመ ብተሳታፍነቱ ከሰንዮ ግቡእ'ዩ። ኤርትራ ናይ ህዝባ ክትኸውን መጻኢ ዕድል ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ቲ ህዝባውን ደሞክራሲያውን ባይቶ ክውሰን ህዝቢ ብተሳትፎኡ ውሕስነቱ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰሉ ከረጋግጽ ይግባእ።

ምልክን ዳግማይ ዘይህዝባዊ ተርእዮታት ከይስዕርር፣ ካብ ቁጽጽር ህዝቢ ዝኸይድ ምምሕዳር ከይፍጠር፣ ህዝቢ ብተምክሮኡ ንክብሪ ዋጋ መሰሉ፣ ንላዕላውነት ሃገሩን፣ ንሓርነቱ ብዘለዎ ብብቕዓቱን፣ ክእለትን፣ ዓቕምን ኣብ ደሞክራሲያዊ መስርሕ ሃገር ክጽንበር ተደላይነቱ ልዑል'ዩ።

## መደምደምታ

መሰል ትብል ቃል፡ ልዕሊ ቃል ዘይዝረበላን ዘይስርሓልን፡ ዘይሙጎተላን እንተዀይናስ ጥራሓ እያ። መሰል ክትኽበርን ዋጋን ክብርን ክህልዋ እንተዀይኑ ግን፡ ክዝረበላ ክስርሓላ፡ ክሙጎተላን ከም'ቲ ክቡር ዋጋኣ ድማ ክብሪ ክወሃባ ይግባእ።

ንመሰላት ከም ምልካዊ ስርዓታት ኣዝዩ ዝፈትዋን ዘዘውትራን ቃል የልቦን። እንተዀነ ንመሰል ክብርን ዋጋን ዝህብን፡ ዝማሳትን ዝከላኸል ንስለ ዘይኮነ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ነቲ መሰል ዝግብኦ መሰልን ክብርን ንስለ ዘይፍኞድ መሰል ኣብ ወረቐት ተጻሒፉ ተፍርዮ ዘይብላ ተሰኒዳ ትነብር።
ኣብ ኤርትራ ዘሎ መሰል ኣብ ወረቐት ጥራሕ ዝተሰነደ ተግባር ዘየሰንዮ፡ ቃል ጥራሕ እዩ። ነዚ ዘይሰረሕን ንህዝቢ ዘየገልግል መሰል፡ ክስርሕን ኣብ ተግባር ክረአ ውሁብ መሰል ተራ ዜጋታት ክውን ንምቅያሩ ኤርትራዊ ዜጋ ብተሳትፍኡ ከረጋግጽ ንዘለዎ ኣማራጺ የብሉን።

መሰል ንምርግጋጽ ህዝቢ ተሳትፎ ክዕዝዝ፡ ሓሳባቱ ከቕርብን ክቀራረብን ክመሕዞ፡ መስመር ቃልሱ ከሕይልን ይጽዋዕ ኣሎ።

እቲ መንኮርኮር ቃልሲ ተሰሪሑ ተቐሪቡ'ዩ። ንቅድሚት ከንከባልልን ክስጉምን ግን ሓይሊ፡ ሓይሊ ህዝቢ ድፌኢት ህዝቢ ተሳትፎ ህዝቢ የድልዮ ኣሎ። ደፋኢ ሓይሊ፡ ሓጋዚ ሓይሊ ዘይብሉ መንኮርኮር ግን ከም'ቲ እዋናዊ ኩነታት ዝጠልቦ ለውጢ ንምምጻእ ከም ዘይከኣል እንሆ ተመክሮ 14 ዓመት ድሕሪ ነጻነት ኣረጋጊጽዎ ኣሎ።

እቲ ዝሰራሕ ዘሎ ብውሱንንን ምጡንን ህዝቢ፡ ኣብ ውሑዳት ዝተጻዕነ ስለ ዝዀነ ንቅድሚት ንምድፋእ፡ ልዕሊ ግቡእ ተሰሪሑሉን ተደኺምሉን ይዅን እቲ ወሳኒ ደፋኢ ሓይሊ ወሰኑ ክሳብ ዝሓዘ መሰል መሊኡ ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ።

እዚ መሰል ዘይምርግጋጽ ማለት ድማ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ድሌቱ ክፍጽም። ስቓይን መከራን ህዝቢ ኤርትራ ምንዋሕ፡ ስደት ምቕጻል፡ ወለዶታት ምኽሳር ማለት እዩ። በዚ ኣብ ወጻኢ ተዓሻሺና ንነብሮ ዘሎና መሰል ልማኖ፡ ናይ ጓኖት መሰል እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብዓቕሙ ብክእለቱ እታ ክገብራ ዝኽእል መሰልን ክብሩን ባዕሉ ካብ ዘላታ ስፍራ መዚዙ ኣብ መድረኽ ኣውጽኡ ድማ ብዝተኸፍለላ ዋጋ መሰዋእቲ መጠን ከኽብራን ክከላኸለላ ይግባእ።

24 መስከረም 2005
ኣንቶንዮ ተስፋይ